# ንኖርወይ ንምእታው ዝምልከቱ ስጒምቲታት መገሻ ብዘገምታ ክእለዩ እዮም።

**ኣብ ''ብተወሳኺ ድሉውነት ዝተሰነየ ንቡር ህይወት'' ንኣትወሉ እዋን መንግስቲ ንስጉምታት መገሻታት ንኖርወይ በብሰለስተ መድረኻት እዩ ክኣልዮም። ቀዳማይ መድረኽ ካብ ዕለት** 25 **መስከረም ቀዳም ሰዓት** 16 **ይጅምር።**

ካብዚ ሰዓት ንንዮ ንኩሎም ዜጋታት ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ ክኽፈተሎም እዩ፡እዚ ከኣ ኣብ ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ ቀወምቲ ተቐማጦ ዝኾኑ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ውን የጠቓልል። እዚ ከኣ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያን ስዊዘርላንድን ዝቕመጡ ሰባት ውን ይምልከት። ኣብ ብሊላ ዝፍለጣ ሃገራት ዝቕመጡ ወጻእተኛታት ብምሉኦም ንኖርወይ ክኣትዉ ከፊትናሎም ኣለና። እዘን ሊላ ሃገራት ካብ መሬት ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓ/ሸንገን ወጻኢ ዝርከባ ሃገራት ኲይነን ትካል ህዝባዊ ጥዕና (FHI) ፍኹስ ዝበለ ቅጥታት ክህልወን ዘፍቀደለን እየን።

- ኣብ ዶባትና ተረርቲ ስጉምትታት ካብ ነተኣታቱ ነዊሕ እዋን ኣሕሊፍና ኣለና። እዚ ካብ ወጻኢ ሃገር ንዝመጽእ ለብዒ ንምምካት ኣገዳሲ ተራ እዩ ክጻወት ጸኒሑ ዘሎ። ሕጂ ናብ ንቡር መዓልታዊ ሂወት ኣብ ንምለሰሉ ዘለናሉ እዋን ናብ ኖርወይ ዝኣትዉ ገያሾ ዝግበረሎም ደረታት ብዘገምታ ክቕንሰ እዩ መዲቡ ዘሎ መንግስቲ። እዚ ብጥቡቕ ምክትታል ኢና ክንገብሮ ትብል ሚኒስተር ፍትሕን ድሉውነትን ሙኒካ ሜላንድ (ሰልፊ የማን)።

ኣብዚ ቀስ ብቐስ ዝቕነስ ቅጥዕታት መገሻታት ኖርወይ ቀዳማይ መድረኽ ቀዳም ዕለት 25 መስከረም ሰዓት 16 ክጅምር እዩ፡ ዝቕጽል መድረኽ ከኣ ንኽትግበር ኣብ ካልኣይ መፋርቕ ጥቅምቲ ገምጋም ከነካይደሉ ኢና።

**ምቅይያራት** 1**ይ መድረኽ**

እዞም ዝስዕቡ ምቅያያራት 25 መስከረም 2021 ሰዓት 16 ይትግበሩ:

መገሻ ንኖርወይ

- ደረታት መገሻ ማለት ኣብ ኖርወይ መን ምእታው ይፍቀደሉ ንዝብል ንተቐማጦ ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓ/ሸንገንን ሊላ ሃገራትን ይለዓለሎም ኣሎ። እዚ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ዝኾኑ ቀወምቲ ተቐማጦ ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓን ኣብ ዓባይ ብሪጣንያን ስዊዘርላንድን ዝቕመጡ ንኖርወይ ክኣትዉ ዝኽእሉ ሰባት ይምልከቶም። ኣብ ብሊላ ዝፍለጣ ሃገራት ዝቕመጡ ወጻእተኛታት ብምሉኦም ንኖርወይ ክኣትዉ ከፊትናሎም ኣለና። እዘን ሊላ ሃገራት ካብ መሬት ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓ/ሸንገን ወጻኢ ዝርከባ ሃገራት ኮይነን ትካል ህዝባዊ ጥዕና (FHI) ፍኹስ ዝበለ ደረታት ክህልወን ዘፍቀዱሎም እየን።
- ንግዜኡ እተን ፍቓድ ዝተዋህበን ልዕሊ 35 መሰጋገሪ ዶባት ጥራሕ እዩ ዝፍቀድ፡ እቶም ብፍሉይ ምኽንያታት ሕድገት ዝተገበረሎም ሰባት ገዲፍካ ማለት እዩ። ዝተዓጸዋ መሰጋገሪ ዶባት እተን ኣብ ዶብ ዝርከባ ንኡሳን-ዞባታት መርመራታት ክምርምራ ኣብ ዝኽእላሉ ደረጃ ምስ በጽሓ ክኽፈታ እየን፡ ንገያሾ ከኣ ምሉእ ሓበሬታ ተዳልዩሎም ኣሎ።
- ፖሊስ ብቐዳምነት ካብ ልዑል ለብዒ ዘለዎም ቦታታት ንዝመጹ ገያሾ እዩ ቁጽጽር ዶብ ከካይደሎም። ካብ ትሑት ለብዒ ዘለዎ ቦታታት ዝመጹ ገያሾ ምቁጽጻር ቀዳምነት ኣይክወሃቦን እዩ፡ እንተኾነ ግና ሕልፍ ሕልፍ ኢልና ወዝባዊ ቁጽጽራት ከነካይድ ኢና።

ምውሻብን ምምርማርን

- ካብ ደረጃ ኣራንሻዊ ዝሕብሩ ቦታታት ዝመጹ ገያሽ መገሻዊ ውሸባ ይእለየሎም ኣሎ። ስለዚ እዚ ምስ ተተግበረ ውሸባ መገሻ ካብ ቀያሕቲ፡ ደሚቕ ቀያሕቲ፡ሊላን ሓሙኽሽታዊ ሃገራትን እዩ ንዝመጽኡ ኢዩ ክምልከቶም (ካልኦት ዜጋታት ሳልሶት ሃገራት)።
- ውሸባ መገሻ ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ይእለየሎም ኣሎ። ካብ ግዴታ ውሸባ ዘለዎ ቦታ ዝመጹ ቆልዑ ኣብ ዶብ ክምርመሩ ዘሎዎም ግዴታ ከይተኣልየ ክጸንሕ እዩ። ከም ተወሳኺ ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት መርመራ ክገብሩ ምሕጽንታ ይወሃቦም።
- 

  ካብ ግዴታዊ ውሸባ ዘለዎ ቦታታት ዝመጹ ዓበይቲ ድሕሪ ምምጽኦም ቀልጢፎም ተባሂሎም ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ-PCR ክሳብ ዝሃለዎም ውሸባ መገሽኦም ከቋርጹዎ ይኽእሉ። ድሕሪ ምምጻእኻ ድሕሪ ሽውዓተ መዓልታት ክግበር ዝነበሮ መርመራ-PCR ይእለ።
- መወሸቢ ሆቴል ግዴታዊ ኣይክኸውንን እዩ፡ እቶም ካልእ ብቑዕ መወሸቢ ቦታ ዘይብሎም ሰባት ግን ክጥቀሙሉ ዕድል ክህልዎም እዩ። እዞም ሓደስቲ ሕግታት ክትግበሩ ከለዉ ድሮ ኣብ መወሸቢ ሆቴል ዝርከቡ ሰባት እንተደኣ ደልዮም ውሸብኦም ኣብኡ ክውድኡዎ ይኽእሉ እዮም።
- ቅድሚ ንኖርወይ ምምጻእኻ መርመራ ኮሮና ክትምርመር ኣለካ ዝብል ግዴታ ይእለ።
- ካብ ሓምላውን ኣራንሻውን ሃገራት/ከባቢታት ዝመጹ ገያሾ ዶብ ክሰግሩ ከለዉ ወይ ክኣትዉ ከለዉ መርመራ ክገብሩ ኣሎዎም ዝብል ግዴታ ይእለየሎም። ካብ ግዴታ ውሸባ ዘለዎ ቦታታት ዝመጹ ገያሾ ክምርመሩ ዘለዎም ግዴታ ከይተኣልየ ይቕጽል።

- ብቑዕ መረጋገጺ ሰነድ ዘለዎም ምሉእ ብምሉእ ክታበት ዝተኸትቡ ካብ ውሸባን መርመራን ሕድገት ይግበረሎም።

**ምቅይያራት 2ይ መድረኽ**

ኣብ 2ይ መድረኽ ከኣ ንኖርወይ ክኣትዉ ዝኽእሉ ገያሾ ነተን ኣብ ሊስታ ሳልሶት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ሰፈረን ዘለዋ ሃገራት ብምሉኣን ደረታት  ክለዓለለን እዩ። ውሸባ መገሻ ክእለ እዩ፡ መጀመርታ ነተን ኣብ ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳ/ሸንገንን ሊላ ሃገራትን ዝርከባ ሃገራት፡ ድሕሪኡ ድማ ንኩለን ኣብ ሊስታ ሳልሳይ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ሰፈረን ዘለዋ ሃገራት ክእለየለን እዩ። ኣብ ዶብ ዘሎ ግዴታ መርመራን ምምላእ ቅጥዒ መገሻታት እውን ክእለየሎም እዩ።

**ምቅይያራት 3ይ መድረኽ**

ኣብ 3 ይ መድረኽ ከኣ ንኖርወይ ዝኣትዉ ገያሾን ምስኡ ዝተሓሓዝ ሕግታት ውሸባን እንታይ ዓይነት ደረታት ከምዝህሉ ተወሳኺ ገምጋማት ከነካይደሉ ኢና። ውክልና ስልጣናት ከምዘለዎ ክጸንሕ እዩ። ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ገያሾ ክኣትዉ ከለዉ ዘለዎም ናይ ምምርማር ግዴታን መርመራ-PCRን ክእለ እዩ፡ እንተኾነ ግና ኣድላዪ እንተኾይኑ ከም ብሓድሽ ክተኣታቶ ይኽእል እዩ። ኣብ ውሽጢ ሸንገን ቁጽጽር ዶብ ንኸካየድ ኣብ ተቐረብ ክንጸንሕ ኢና።

**መደበራት መርመራ ብዘገምታ ይእለዩ**

መደበራት መርመራ ብሰለስተ መድረኻት ብዘገምታ ንክእለዩ ኢዩ መንግስቲ መዲቡ ዘሎ። ኣብ 1ይ መድረኽ ንወጻኢ ሃገር ዝበራ ነፈርቲ ዘለወን መዕርፎ ነፈርቲን ኣብ ስቪነሱንድን ስቱርስኩግን መደበራት መርመራ ክቕጽሉ እዮም። እተን ዝተረፋ መደበራት መርመራ ድማ መርመራታት ኣብ መሰጋገሪ ዶብ ድዩ ክካየድ ወይ ኣብታ

መሰጋገሪ ዶብ ዘለዋ ንኡስ-ዞባ ድዩ ክካየድ ባዕለን ይውስናኦ። ኣብ 2ይ መድረኽ ኣብ ጋርደሙወን፡ ስቪነሱንድን ስቱርስኩግን ዘለዋ መደበራት ጥዕና ክቕጽላ እየን፡ እተን ዝተረፋ መደበራት መርመራ ግን፡ ክእለያ ስለዝኾና ብካልእ መሰጋገሪ ዶባት ዝኣትዉ ገያሾ ኣብቲ ዝኸዱዎ ንኡስ-ዞባ ይምርመሩ። ኣብ 3ይ መድረኽ ምስ በጻሕና ኣብ ዶብ ናይ ምምርማር ዕድላት ኣይክህሉን እዩ፡ ግን ንኡሳን-ዞባታት ኣብ ዶብ ምምርማር ኣብ ውሽጢ ውሑዳት መዓልታት ክጅምሮኦ ንኽበቕዓ ኣብ ተቐረብ ክጸንሓ እየን።

## ቊጽጽር ዶባት ብዘገምታ ይቕንስ

ቁጽጽር ዶባት ብሰለስተ መድረኻት ብዘገምታ ንክቕንስ ኢዩ መዲቡ ዘሎ መንግስቲ። ንግዜኡ እተን ፍቓድ ዝተዋህበን ልዕሊ 35 መሰጋገሪ ዶባት ጥራሕ እዩ ዝፍቀደን፡ እቶም ብፍሉይ ምኽንያታት ሕድገት ዝተገበረሎም ሰባት ገዲፍካ ማለት እዩ። ዝተዓጸዋ መሰጋገሪ ዶባት፡ እተን ኣብ ዶብ ዝርከባ ንኡሳን-ዞባታት መርመራታት ክምርምራ ኣብ ዝኽእላሉ ደረጃ ምስ በጽሓ ክኽፈታ እየን። ስለዚ ኣብ ንኡሳን-ዞባታት መመርመሪ ቦታታት ምስ ተዳለዉ ፍቓድ ዝወሃበን መሰጋገሪ ዶባት እናበዝሓ ክኸዳ እየን። ፖሊስ ብቐዳምነት ካብ ልዑል ለብዒ ዘለዎም ቦታታት ንዝመጹ ገያሾ እዩ ቁጽጽር ዶብ ከካይደሎም። ካብ ትሑት ለብዒ ዘለዎ ቦታታት ዝመጹ ገያሾ ዝግበረሎም ቁጽጽር ቀዳምነት ኣይክወሃቦን እዩ፡ እንተኾነ ግና ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ወዝባዊ ቁጽጽራት ክነካይድ ኢና። እተን ተዓጽየን ዘለዋ መሰጋገሪ ዶባት ዳግማይ ክኽፈታን ኣብ ውሽጢ ሸንገን ዝካየድ ቁጽጽር ዶባት ንክእለን ብቐጻሊ ገምጋማት ከነካይደሉ ኢና፡ ግን ከኣ ዓቕምታት ምምርማር ንኡሳን-ዞባታትን ካልእን እዩ ዝውስኖ። ኣብ 2ይ መድረኽ ፖሊስ ኣብ ውሽጣዊ ዶባት ሸንገን ኣብ ሞያዊ ፍልጠት ዝተሞርኮሰ ወዝባዊ ቁጽጽራት ከካይዱ እዮም። ኣብ ግዳማዊ ዶባት ሸንገን ብመምርሒታት ህሉዋት ሕግታት ምክልኻል ለብዒ ዝተሰነየ ንቡር ቁጽጽራት ክካየድ እዩ። ኣብ 3ይ መድረኽ ፖሊስ ኣብ ውሽጣዊ ዶባት ሸንገን ኣብ ውሽጢ ውሑዳት መዓልታት ዳግማይ ቁጽጽር ከካይዱ ንኽበቕዑ ዘኽእሎም ድሉውነት ክህልዎም እዩ።

## ሃገራዊ ማእከል ቊጽጽር ብዘገምታ ክእለ እዩ

ሃገራዊ ማእከል ቊጽጽር ገያሾ ብዘገምታ ሰራሕተኛታቱ ብምቕናስ ንዕለት 31 ጥቅምቲ ቁጽጽራት ምክያድን ጸብጻባት ምትሕልላፍን ከቋርጹዎ እዮም። ድሕሪ እዚ ግዴታ ውሸባን መርመራን ንዘለዎም ገያሾ ብተሌፎናዊ ጽሑፋዊ መልኽቲ/SMS ሓበሬታ ከመሓላልፉ ዘኽእሎም ዓቕሚ ሰብ ክህልዎም እዩ። ማእከል ምቁጽጻር ዳግማይ ንኽምስረት ዘኽእል ድሉውነት ክሳብ መወዳእታ ዓመተ 2021 ክጸንሕ እዩ። እዚ ድሉውነት ክናዋሕ እንተደኣ ኮይኑ ኣብ መወዳእታ 2021 ገምጋም ክግበረሉ እዩ።

## ምቅይያራት ንስቫልባርድን ኣብ ስቫልባርድን ዝምልከቱ ዑደታት መራኽብ

ገያሾ ቅድሚ ንስቫልባርድ ምቕጻሎም መገሻዊ ውሸባ ኣብ መሬት ሃገረ ኖርወይ ክውድእዎ ኣለዎም። ቅድሚ ንስቫልባርድ ምጋሽካ ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ኮሮና ከተርኢ ኣለካ ዝብል ቅጥዒ መንግስቲ ኣሊዩዎ ኣሎ። ኣብ ስቫልባር ንጥፈታት ቱሪዝም ንምክያድ ተኣታትዮም ዝነበሩ ቅጥዕታትን ንሆቴላትን መሕደሪ ቦታታትን ተኣታትዩ ዝነበረ ደረታትን ውን ይለዓል ኣሎ። ብመሰረቱ ንመራኽብ ዑደት ተኣታትዩ ዝነበረ ቅጥዕታት ይእለ ወላ እኳ እንተ'ሎ፡ ኣብ ስቫልባርድ ንዝስቀሉ ዝምልከቶም ደረታትን እታ መርከብ ተሳፈርቲ ተለኺፎም ኣለዉ ዝብል ጥርጣረ እንተደኣ ኣሕዲራ ወይ ኣረጋጊጻን ናብ ወደብ ዓዳ ክትምለስ ኣለዋ ዝብል ቅጥዕን ክቕጽሉ እዮም። እዘም ምቅይያራት ካብ 25 መስከረም ሰዓት 16.00 እዮም ክትግበሩ። ግዝያዊ እገዳ ኣህጉራዊ ነፈርቲ ውልቃዊ መገሻዊ በረራ ናብ ስቫልባርድ ከምዘለዎ ይቕጽል።

## ኣብ ገማግም ባሕሪ ኖርወይ ንዝመጻ መራኽብ ዑደት ዝምልከቱ ምቅይያራት

ኣብ ገማግም ባሕሪ ንመራኽብ ዑደት ዝምልከቱ ዝነበሩ ቅጥዕታት መንግስቲ ዳርጋ መብዛሕትኦም ይኣልዮም

ኣሎ። ካብ መሬት መርከብ ክትስቀል ከለኻ ዝምልከቱ ደረታት ከምዘለዉዎ ክቕጽሉ እዮም። ሰራሕተኛታት መራኽብ ዑደት ዝግበረሎም ሕድገት ግዴታ ውሸባ ክቕጽል እዩ፡ ግን ብሰንኪ ሓፈሻዊ ለውጥታት ሕግታት መገሻታት ንኖርወይ ገለ ንእስ ዝበሉ ምቅይያራት ክግበረሉ እዩ። እዘም ምቅይያራት ካብ 25 መስከረም ሰዓት 16.00 እዮም ክትግበሩ።

**ቤት-ጽሕፈት ተቋጻጸርቲ ዕዮ ጌና ሕጂ ውን መጽንሒ ቦታታት ኣቕዲሙ ከጽድቖ ኣሎዎ**
ብቤት-ጽሕፈት መራኽብን ቤት-ጽሕፈት ማሕረስን ነቶም ብምልክታ ክኣትዉ ዘፍቅደሎም ወጻእተኛታት ሰራሕተኛታት ጌና ሕጂ ውን ቤት-ጽሕፈት ተቋጻጸርቲ ዕዮ ኣብ ዘጽደቑዎ መጽንሒ ቦታታት ወይ ኣብ መወሸቢ ሆቴል እዮም መገሻዊ ውሸባኦም ከሕልፉዎ ዘለዎም። ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ምፉኳሳት ስጉምትታት መገሻታት ንኖርወይ ቤት-ጽሕፈት ተቛጻጸርቲ ዕዮ ብቑዕ መጽንሒ ቦታታት ኣቐዲሙ ምጽዳቕ ክቕጽሎ ኢዩ።

| ብዘገምታ ዝእለዩ መገሻ ሕግታትን ስጉምቲታትን ኣብ ‘’ድሉውነቱ ዝተዛየደ ንቡር ህይወት’’ | | | |
|---|---|---|---|
| **ደረታት /ምኽርታት/ስጉምትታት** | 1**ይ መድረኽ** | 2**ይ መድረኽ** | 3**ይ መድረኽ** |
| ምኽርታት መገሻ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ | 1 ጥቅምቲ ይለዓል ንዝተወሰኑ ሃገራት ዘማእከለ ምኽርታት መገሻ ይትካእ | | |
| ደረታት መገሻታት ንኖርወይ (ንኖርወይ ንምእታው መነመን ይፍቀዶም) | ንክልል ቍጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳን ደረጃ ሊላ ዝሕብረን ሃገራትን ክእለ እዩ። | ንኩለን ኣብ ሊስታ ሳልሰት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ሰፈረን ዘለዋ ሃገራት ክእለየለን እዩ። | ጸኒሑ ይግምገም። |
| ግዴታዊ ውሸባ | ካብ ደረጃ ኣራንሻዊ ዝሕብረን ሃገራት ዝመጹ ገያሾ መገሻዊ ውሸባ ይእለየሎም።<br><br>ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ውሸባ መገሻ ይእለየሎም፡ ኣብ ዶብ ናይ ምምርማር ግዴታ ግን፡ ከምዘለዎ ይጸንሕ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ከኣ ክምርመሩ ንምሕጸኖም።<br><br>ካብ ግዴታ ውሸባ ዘለወን ሃገራት ዝመጹ ዓበይቲ ድሕሪ ምምጽኦም ቀልጢፎም ተባሂሎም ኣብ ሰለስተ መዓልታት ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ PCR-መርመራ ከርእዩ ክሳብ ዝከኣሉ መገሻዊ ውሸባ ከቋርጹ ይኽእሉ እዮም። | መጀመርታ ካብ ሃገራት ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮጳን ደረጃ ሊላ ሃገራትን ይእለ። ሓድሽ ገምጋም ምስ ኣካየድና ድማ ኣብ ሊስታ ሳልሰት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ሰፈረን ዘለዋ ሃገራት ብምሉኣን ክእለየን እዩ።<br><br>ንኩለን ኣብ ሊስታ ሳልሰት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት ሰፈረን ዘለዋ ሃገራት ክእለየለን እንተ ዘይተኻኢሉ ድማ ሓቅነቱ ከነረጋግጾ ዘይንክእለሉ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዘለዎም ሰባት ካብ ግዴታዊ ውሸባ ሕድገት | **ጸኒሑ ይግምገም።** |

| | | | |
|---|---|---|---|
| | | ንክግበረሎም ክግምገም እዩ።<br><br>ኣሻቓሊ ኩነታት ለብዒ ዝረኣየለን ዝተወሰና ሃገራት ግዴታዊ መገሻዊ ውሸባ ዳግማይ ክነተኣታትወለን ክንግምግሞ እዩ። | |
| መወሸቢ ሆቴል | ንግዜኡ ነቶም ብቑዕ መወሸቢ ቦታ ዘይብሎም ክጥቀሙሉ ዕድል ክወሃቦም እዩ። | | ይቕነስ። |
| ቅድሚ ምምጻእኻ ዝግበር መርመራ | ይእለ | | |
| ክትኣቱ ከለኻ ዝውሰድ መርመራ | ካብ ደረጃ ሕብርታት ቀጠልያን ኣራንሻዊን ሃገራት ዝመጹ ገያሻ ክእለየሎም እዩ። ካብ ግዴታዊ ውሸባ ዘለዎ ሃገር ዝመጹ ገያሻ ክቕጽል እዩ። | ጎኒ ጎኒ ግዴታ ውሸባ ቀስ ብቐስ ክእለ እዩ። ኣሻቓሊ ኩነታት ለብዒ ንዝረኣየለን ሃገራት ግዴታ መርመራ ዳግማይ ክተኣታቶ ይኽእል እዩ። | |
| ድሕሪ ምእታውካ ዝውሰድ መርመራ-PCR። | ግዴታዊ ውሸባ ዝምልከቶም ገያሻ ድሕሪ ሰለስተ መዓልታት ወለንታዊ መርመራ-PCR ክገብሩ ይኽእሉ እዮም።<br><br>ድሕሪ ምእታውካ ድሕሪ ሸውዓተ መዓልታት ዝውሰድ ግዴታ መርመራ-PCR ክእለ እዩ። | ጎኒ ጎኒ ግዴታዊ ውሸባ ብዘገምታ ክእለ እዩ። ኣሻቓሊ ኩነታት ለብዒ ንዝረኣየለን ሃገራት ግዴታ መርመራ ዳግማይ ክተኣታቶ ይኽእል እዩ። | |
| ንኖርወይ ክትኣቱ ከለኻ ምምዝጋብ | ምስ ውሸባን ግዴታ መርመራን ይተሓሓዝ። | ብዘገምታ ምስ ግዴታዊ ውሸባ ይእለ። | ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ንምዝያድ ኣብ ድሉውነት ምጽናሕ። |
| ሃገራዊ ማእከል ቍጽጽር ገያሻ | ዓቕሚ ሰብ ምቕናስ | ብተሌፎን ዝወሃብ መምርሒታት ካብ ዕለት 31.10 ክዕጾ እዩ። ንግዴታዊ ውሸባ ዝምልከቶም ብተሌፎን ጽሑፋዊ ሓበሬታ ምስዳድ ይቕጽል። | ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ንምዝያድ ኣብ ድሉውነት ምጽናሕ። |

| | | | |
|---|---|---|---|
| ወረቐት ምስክር ኮሮና መገሻታት ንኖርወይ | ክንጥቀመሉ ኢና። | | እዚ ፍታሕ እዚ ክሳብ ብውዕል ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝእለ ዝተወሰና ሃገራት ንክጥቀማሉ ክሕተታ ይኽእላ። |
| ቍጽጽር ዶብ | ኣብ ውሽጣዊ ዶባት ሸንገን ዝካየድ ቍጽጽር ዶብ ኣብ ካብ ልዑል ለብዒ ዘለዎ ሃገር ንዝመጹ ገያሾ የተኩር። ዝተረፉ ገያሾ ሕልፍ ሕልፍ ኢልካ ወዝባዊ ቍጽጽራት ጥራሕ ይግበረሎም። በተን 35 ፍቓድ ዝተዋህበን መሰጋገሪ ዶባት ጥራሕ ምእታው ይፍቀድ።<br><br>ኣብ ግዳማዊ ዶባት ሸንገን ብመምርሒታት ህሉዋት ሕግታት ምክልኻል ለብዒ ዝተሰነየ ንቡር ቁጽጽራት ክካየድ እዩ። | ፖሊስ ኣብ ውሽጣዊ ዶባት ሸንገን ኣብ ሞያዊ ፍልጠት ዝተሞርኰሰ ወዝባዊ ቍጽጽራት የካይዱ። ብኩለን መሰጋገሪ ዶባት ምእታው ክፍቀድ እዩ። ኣብ ግዳማዊ ዶባት ሸንገን ብመምርሒታት ህሉዋት ሕግታት ምክልኻል ለብዒ ዝተሰነየ ንቡር ቁጽጽራት ይካየድ። | ኣብ ውሽጣዊ ዶባት ሸንገን ቍጽጽር ዶባት ዳግማይ ክነተኣታቱ ዘኽእለና ድሉውነት ይህሉ። |

ን2ይን 3ይን መድረኽ ዝምልከት ቐረቡ ዘሎ ሓበሬታ ግምታዊ ብምዃኑ ንክቕየር ተኽእሎታት ከም ዘሎ ነገንዝብ።